# ናይ ምኽሪ ትካላት

**ግአለ ናይ ምኽሪ ትካላት ሓፈሻዊ ሕቶታት ይምልሱ። ገለ ከኣ ኣብ ፍሉይ ጉዳይን ቴማን ናይ ሂወት መዳያት ብዑምቐት ይትንትኑን ይምልሱን። እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት: ካብ ዞና ናብ ዞና ይፈላለ። ከም ሕጊ እቲ ዝወሃብ ምኽሪ ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ኢዩ። ብዙሓት ዝተፈላለዩ ትካላት ብናይ ደገ ቛንቛ ኣገልግሎት ይህቡ።**

## ሓፈሻዊ ናይ ምኽሪ ትካላት

ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ምውህሃድ ኣካይዳ መስርሕ Anlaufstelle Integration Aargau (AIA) ኣብ ኣርጋው ሓደ ማእከል ናይ ምኽሪ ትካል ንስደተኛታት ኢዩ።ናይዚ ትካል ሰራሕተኛታት ንሓፈሻዊ መዓልታቲ ናይ ስዊስ ንጥፈታት ዝምልከት ሕቶታት ይምልሱን ይሕግዙን። ፍሉይ ናይ ምኽሪ ትካል ንክትረክብውን ይሕግዙ።ብተወሳኺ ንሰባት ኣብ ምድላይ ንዕኦም ዝሰማማዕ ናይ ቛንቛ ጀርመን ስልጠናን: ናይ ምውህሃድ ኣገልግሎትን ይሕብሩ። ቆጸራ ብምሓዝ (ብተለፎን ወይ ብኣካል) ብዝተፈላለየ ቛንቛ ምዝርራብ ይከኣል።ብተወሳኺ ሰብ ብዘይ ቆጸራ ናብዚ ማእከል ምኻድ ይኽእል: ቆጸራ ወይ ካልእ ሓበታ ክሓትት ይኽእል። ዝወሃብ ሓበሬታን መወከሲን ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ኢዩ። ኣብ ጎድኒ ዚ ሓፈሻዊ ናይ ምኽሪ ትካላት: ብዝተፈላለየ ናይ ደገ ቛንቛ ኣብ ዝተውሰነ መንበሪ ቦታታት ሓላፍነት ወሲዶም ኣገልግሎት ዝህቡ ኣለዉ። ኣብ መንበሪ ምምሕዳር ከባቢ ወይ ኣብ ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ምውህሃድ ኣካይዳ መስርሕ Anlaufsstelle Integration Aargau AIA ብዛዕብዘን ናይ ምኽሪ ትካላት ምውካስ ይከኣል። ብተወሳኺ ናይ ስደተኛታት ማሕበር: ንጹር ሓበታ ብዝርድኣካ ቛንቛ ንምርካብ ኣገዳሲ ቦታ ኢዩ።

## ናይ ከባቢ ምምሕዳር / ናይ ከተማ ምምሕዳር

ኣብ ብዙሕ ኩነታት ምምሕዳር ናይ ትነብረሉ ከባቢ (Gemeindeverwaltung, Gemeindeverwaltung / ናይ ከተማ ምምሕዳር , Stadtverwaltung) እቲ ዝበለጸ ናይ መጀመርታ መጀመሪ መስርሕ ኢዩ። ኣብ ዚ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ኩሉ ሕቶታት ብቀጥታ ይምልሱ ወይ ናብ ዝምልከቶ ይመርሑ። ኩሎም ምምሕዳር ከባቢታት ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ኣለዎም። ኣብዚ ኢንተርነት ኣድራሻ ኩሉ መወከሲ ኣድራሻ: ናይ ስራሕ ሰዓታት: ናይ ምኽሪ ዝርዝራት ብከፊል: ናይ ምውህሃድ ኣገልግሎታት ኣብቲ ከባቢን ይሕብር።

## ፍሉይ ሞያዊ ክእለት ዘለዎም ናይ ምኽሪ ማእከላት

ኣብ ካንቶን ኣርጋው ዝተፈላለየ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታት: በብዛዕባኡን ከከም ናይ ናብራ ኩነታቱን ተቐሪቡ ይርከብ። ንኣብነት: ዕድመ: ስራሕ: መንበሪ ገዛ ወይ ኣስቤዛ: ስልጠና: ሓዳር/ ፍትሕ: ምዕባይ ቆልዓ: ስድራቤት: ገንዘባዊ ቁጠባ( ዕዳን/ባጀትን): ጥዕና: ጎነጽ/ግጭት ኣብ ገዛ: ምውህሃድ: ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም:ክንክን ምጥባው ሕጻን: ጥንሲ: ጾታዊ ርክብ: ወልፊ: ማሕበራዊ ሕቶታት ዝኣመሰሉ። እቲ ኣገልግሎት ካብ ዞባ ናብ ዞባ ይፈላለ። ቀዳማይ ግ ዝወሃብ ናይ ምኽሪ ኣልግሎት ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ይወሃብ። ኣብ ገለ ከባቢ ዘይርከብ ኣገልግሎት: ኣብ ማእከላይ ናይ ምኽሪ ትካል ናይ ከተማ ኣራው ወይ ባደን ይርከብ። ብተወሳኺ ሰብ ናብ ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ምውህሃድ ኣካይዳ መስርሕ Anlaufstelle Integration Aargau AIA ወይ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ንዝምልከቶም ናይ ምኽሪ ትካላት ክውከስ ይከኣል። ቛንቛ ጀርመን ጽቡቕ ዘይዛረብ: ቅድሚ ናብቲ ወሃብ ምኽሪ ምኻዱ: ብዛዕባ ተኽእሎታት ናይ ተኾማይ ምህላው ኣቐዲሙ ክሓትት ይግባእ። እቲ ዝወሃብ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ብካልእ ቛንቛ ክወሃብ ይከኣል: ኣብዚ ኩነታት እቲ ትካል ተርጓማይ ክቐጽር ይከኣል።

## ብዘይ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ዝግበር ናይ መሰል ምኽሪታት

ብመሰረት ውዕል ናይ ካንቶን ኣርጋው: ኣብ ካንቶን ኣርጋው ዝርከብ ናይ ጠበቓታት/ኣማኸርቲ ሕጊ ማሕበር (Aargauischer Anwaltsverband) ናይ መሰልን ሕጊን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይህብ። እዚ ንኩሎም ነበርቲ ናይዚ ካንቶን ብነጻ ብዘይ ክፍሊት: ንሕጊ ዝምልከት ሕቶታት( ሓጺር ምኽሪ) ይምልስ።ኣብ ዝተውሰነን ፍሉጥ ናይ ሰዓታት መደብ: ብብዕለቱ ኣብ ኩለን 11 ወረዳታት ናይ ምዝርራብ ዕድል ይወሃብ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ: ኣብ ኢንተርነት ወይ ቤት -ጽሕፈት ምምሕዳር / Wohngemeinde /ብምሕታት ይርከብ። ብተለፎን ወይ ብጽሑፍ ሕቶታት ኣይምለስን ኢዩ: ኩሉ ሓበሬታ ዝደሊ ሰብ ብኣካል ናብኡ ክኸይድ ኣለዎ። ኣብ ጎድኒዚ ዝተፈላለዩ ና ምኽሪ ትካላት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጉዳያት (ስራሕ: መንበሪ ገዛ: ሰብሓዳር/ ስድራቤት) ንእብነት ናይ ስራሕ ትካላት ዝኣመሰሉ። ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ምውህሃድ ኣካይዳ መስርሕ Anlaufstelle Integration Aargau AIA ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ትካላት: ገለ ካብኣቶን ብዛዕባ ፍሉይ /ንጽል ቴማ ወይ ዛዕባ/ einzelnen Themenbereichen ኣብ hallo-aargau.ch ይካየዱ።

## ዓሌታዊ ምፍልላይ

ብመሰረት ውዕል ናይ ካንቶን ኣርጋው: መስርሕ ኣካይዳ ምውህሃድ ካንቶን ኣርጋው Anlaufstelle Integration Aargau AIA ሓደ ነጻ ዝኾነ ናይ ምኽሪ ትካል ኣንጻር ዓሌታዊ ምፍልላይ የካይድ። እቲ ዝወሃብ ምኽሪ ብምስጢር ዝተሓዝ ዘተኣማምንን ንኩሎም ነበርቲ ካንቶን ኣርጋው ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ይግበር።እዚ ምኽሪ ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ብምምጻእ ወይ ብተለፎን ይወሃብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.marhaban-aargau.ch/ti/emergencies-and-counselling-services/counselling-services